# በብዓመቱ ትፅምበል፣ ለካቲት ክብርቲ!

ብብስራት ከበደ

ንግስቲ’ዶ ክብላ ወይስ እታ ልዕልቲ!
ኩሎም ዘኽብርዋ ዓበይቲ፣ ኣናእሽቲ!
ተዓጢቖም ዘውዕልዋ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ!
ሽልምቲ እንድያ መርዓት ኩሕለይቲ!!

በብዓመቱ ትፅምበል፣
ለካቲት ክብርቲ!

ምእንተ መሰል፣ ምእንተ ሰላም!
መብራህቲ ወሊዓ ተጥፍእ ፀላም!
ከበሮ ሃበኒ እምቢልታ ተቐበል!
በዓል ለካቲት ከም ልሙድ ትፀምበል!!

ዕላማኣ ኣምሂራ ንውፁዕ ገባራይ!
ሓብሒባ ተኻናኺና ርሂፁ ሓዳራይ!
ፀላእቱ ደርዒሙ ዓወቱ ዛዛማይ!
ሓየት በዓል ስረ ታሪኹ ዓቃባይ!!

በብዓመቱ ትፅምበል፣
ለካቲት ክብርቲ!

ታሪኻዊት ስፍራ በረኻ ደደቢት!
ብፆታ ሰዊኣ ብሓቂ ዳናይት!
ምኩሓት ከርቲማ መሰልና መኽበሪት!
ንደርጊ ኢሰፓ ናብ ገደል ሰናይት!!

ኣብ ወፃእ ዝነብሩ፣ ኣለዉ ተረፉት!
ይስሕቑ ይቐልዱ ብሓወልቲ ስውኣት!
ንሽብዶም ዝነብሩ ኣለዉ ውሒጣት!
መንደፍ ክበልዑ’ዮም ብደም ናይ ስውኣት!

**በብዓመቱ ትፅምበል፣**
**<u>ለካቲት ክብርቲ!</u>**

ጉዳማት ሓሰውቲ ሓቂ ዝንዕቕዋ!
ነታ ዓዲ ሓቂስ ዓዲ ሓሶት በልዋ!
ህዝብና ይጉለሎም ወስላታ ነቢያት!
ዝበሉ እንተበሉ፣ እንተእወዩ ኣውያት!
የዕነይንዮም ኣሎ ንፁህ ደም ስውኣት!!

**በብዓመቱ ትፅምበል፣**
**<u>ለካቲት ክብርቲ!</u>**

ተረዲእኹምኒ'ዶ ክቡራት መንበብተይ?
ክትፈልጡ'ውን ኣለኩም ሎሚ መምፅእየይ!
ንግዲ የብለይን ከየፋልጠኩም!
ጃህራ የብለይን ከየካፍለኩም!
ቅድም ትፈልጡኒ ከይፋለጠኩም!
እዝንኹም ፅለውለይ ሓቂ ክነግረኩም!!

እጃምና ነውፊ ኣይንለገም ሃየ!
ክትዕ ይትረፈና ምስ ኣባ ጎብዬ
ግዜና ተጠቒምና ብኣግባብ፣ ብስርዓት!
ሓዘን ስውኣትና ንደበሶ ብልምዓት!

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብርን ንሰማእታት!!**

**ርኢ.ተኹም፣ ይጠቅም'ዩ!!** besrattshore@yahoo.com